ቢሮ ሐለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ንዞም ትሕቲ ኢሎም ብሎታት ተዘርዚሮም ዘለዉ ሎት 1 መሳርሒ ፅሕፈት ሎት 2 ስራሕቲ ሕትመት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም መስከረም 10, 2012 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 27, 2012 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢ ሎቱ ዝተፈላለ እዩ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 27, 2012 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

1 ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ መረዳእታ ከምእዉን ዝተሐደሰ መቅረባይነት ወረቅት ምስክር ክተቅርቡ እትክእሉ

2 ተወሳኪ እሴት ታክስ ምዝገባ ምስክር ወረቀትን ናይ ወርሒ ሐምለ 2011 ዓም ተወሳኪ እሴት ታክስ ምዝጉባት ዝኮንኩምን ትኽእሉ::

3 መኽበሪ ጨረታ ብር 10,000 ቅርሺ ንሎት ሐደ ከምኡ ድማ 20,000 ንሎት ክልተ ብመልክዕ ስፒኦ/CPO/ ወይድማ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ዉስሕስና ብጥረ ገንዝብ ክተትሕዙ እትክእሉ::

4 ናይ ጨረታ ሰነድኩም ንሕድሕድ ሎት ዋናን ቕዳሕን ፋይናንሻል ብዝተዓሸገ ፖስታ ነዚ ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ኣብ ንኡስ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ቢሮ ቁፅሪ 42 አብ ናይ ስራሕ ሰዓት ምእታዉ ትኽእሉ::

5 እቲ ጨረታ ካብ 10/1/2012 ዓ/ም ጀሚሩ ን 15 መዓልቲ አብ አየር ዝፀንሕ እንትኸዉን 27/1/2012 ዓ/ም ቅድሚ ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ በዚ ዕለት ሰዓት 4:00 ይኽፈት::

6 ሰዓራይ ትካል ብዝቀረበ ዝርዝር ስፐስፊኬሽን መሰረት ንቶም ንብረታት ከቅርብ ዝክእልን ናይ መወዳደሪ ዋጋ ቫት ሓዊሱ ከቕርብ ይግባእ አብ መወዳደሪ ዋጋ ቫት ከይሓወሰ ዘቕረበ ተጫራታይ ቫት ከምዝሐወሰሉ ይዉሰድ::

7 ተወዳደርቲ ትካላት ሰዓራይ ኮይኖም እንተቀሪቦም ናይ ሰዓራይነት ደብዳቤ ካብ ዝተዉሃቦም ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስሩን ዉዕሊ ካብ ዝአሰርሉ ዕለት ጀሚሮም ድማ ንሎት ሐደ ኣብ ዉሽጢ 20 ተከታተልቲ መዓልቲታት ንሎት ክልተ ድማ ብዘይካ በዓል ሐምሳ ባድ ቅብሊት ደረሰኝ እቶም ካልኦት ናይ ሕትመት ስራሕቲ ግን ኣብ ዉሽጢ 45 ተከታተልቲ መዓልቲ ከቕርቡ አለዎም

8 በዓል ሓምሳ ፓድ ቅብሊት ደረሰኝ ማለት እዉን RC ድማ ዉዕሊ ካብ ዝአሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ናይ መጀመሪያ ዙር 15000 በዝሒ ፓድ ኣብ ዉሺጢ 30 ተከታታልቲ መዓልቲታት ካልኣይ ዙር 15000 በዝሒ ፓዳት ኣብ ዉሽጢ 30 ተከታተልቲ መዓልቲታት ሳልሳይ ዙር 20000 በዝሒ ፓዳት ኣብ ዉሽጢ 30 ተከታተልቲ መኛልቲታት ብጠቅላላ ነድምር 50000 ፓዳት ከቕርቡ ግዴታ አለዎም

9 ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ንኡስ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ቢሮ ቁፅሪ 42 ዘይምለስ ብር 50.00 ብክፋል ምዉሳድ ትኽእሉ::

10 ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት በዓል እንተዉዐሉ ኣብ ዝቅፅል ናይ ስራሕ መዓልቲ ይክፈት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ቤት ዕዩና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ

13 ብተወሳኪ ብመምርሒ ዕደጋ ብሄራዊ ክልልላዊ መንግስቲ ትግራይ አዋጅ ቁፅሪ 255/2007 መምርሒ ቁፅሪ 04 /2007 ተገዛኢ ይከውን

ንተወሳኪ ሐበሬታ ቢሮ ሐለዋ ጥዕና ክ/ ትግራይ ስ.ቁ 0344404715 ምድዋል ይከአል::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle